## ፋሕ-ብትን'ሉ ህዝብና ኣትይዎ ዝሮምሮ!
## ዘጕህን ዘሕዝንን'ዩ ንዘለዎ ኣእምሮ!

### 2ይ ክፋልን መደምደምታን

ገብረሚካኤል ሃብተጽዮን (ቄሪጬ): ጀርመን *25.10.2009* ዓ.ም.

ተመኩሮ ዘይምህሮ ሽንኮለል ዝፈቱ
ዓብ'የ ብሃላይ ዘማዕርግ ንናቱ
ንኻልኦት ዘቋናጽብ እንዳበለ ንኣሽቱ
ዝጽበ ዝሓልም ክመጾ ተፈትፊቱ
ህዝብና ተጸቢዩኩም መሳኹቱ ከፊቱ
ንኸተድሕንዎ ካብ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ሽፋቱ።

ነንሓድሕድኩም ክትጽላለሙ ክትማነጬቱ
መድረኽ ኣይተጠቐምኩምሉን ኣባኺንኩሞ ንኸንቱ
ኣብ ክንዲ ዝቋመት ንቀዳሞት ጸላእቱ
ንህዝቢ ኣየድሓንኩሞን ሕጂ'ውን ተነቐፉ ተሓተቱ
ሰፊሕ ግምባር መስሪትኩም ብሓባር መክቱ።

ስልጣን እኮ ህዝቢ'ዮም ዋናታቱ
ቅዋማቱ ይነድፍ ሕግታቱ
ይመርጾምን ይቌጻጸሮምን ከኣ ንመራሕቱ
የውርዶም'ውን መንገዲ 'ተሳሓቱ
ፍተውዎ ጽልእዎ ንሱ'ዩ'ቲ ሓቂ ኣብ ልዓቱ።

ንእስነቱ ከየስተማቐረ ከይሓንቀቐ
ንነጻንት ህዝቡ ክብል ብረት ዝዓጠቐ
ንኹሉ ተጻዊሩ ምስጢር ከየምሎቐ
ጽንዓትን ተወፋይነትን ንህዝቡ ዘስነቐ
ንኽብርቲ ህይወቱ ከይበቐቐ
ነጻነት ኣረኪቡ ጽሓይና ምስ ኣብረቐ
ኣንታይ ኮይኑ ድኣ ዘስቅጥ ስልጣን ህዝቢ እናተሰርቀ?
ዓገብ ዘዝበለ ኣናተመቍሐ እናሓቐቐ
ንሱ'ውን ከም ህዝቡ እናተደሰቐ።

ኣንታ ምዑት ጅግና ተበገስ ንለውጢ
ጽገና ኣይትጸበ ኣይተዕጠጢ
እምቢ በሎ ኣይትኹን ተወጣጢ
ክሳብ መዓስ ክትከውን መቌርጠጢ
ክሳብ ምዓስከ ክትከውን መስቀጢ
ወጊድ በሎ ንኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ጬፍጫፊ ቀጥቃጢ።

ዓገብ'ውን ንበሎም ንሓዊ መሳወርቲ
ብጀካና ውጹዕ የልቦን እናበሉ ኣስተምሃርቲ
ሰይጣን ዝዓሸሮም ኳኹቶ ዘርእቲ
<u>ሃይማኖት የብሉን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ፋሺሽቲ</u>
ንኹሉ ዝመቀኍሕ ንጻጻስ ንሙፍቲ
ንኹሉ'ዩ ዝቕንጽል ነሻኻት ንኣቕሽሽቲ
ንኣስላማይ ክስታናይ ንኹሉ መጽነቲ
ሓዲሽ'ውን ኣይኮነን ተራእዩ'ዩ ኣብ መግዛእቲ

ፍቱን ስሚ’ዩ የብልኩምን ሰማዕቲ
ክዒብኩም ህዝቢ ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ።
ንክስታናይ ኣስላማይ ንኹሉ’ዩ ዝቐርድድ
ንዘይምእዘዘሉ እምቢ’ሉ ዝሕንግድ
እምቢ ንዝበሎ ኣብ ብርኩ ዘይሰግድ
ኣስላማይና ክርስትያና ኣሕቢሩ’ዩ ዝስጕድ።

እንታይ’ዩ እቲ ዕላማኹም ገሪሙና
ምህዞ ኢ..ህ.ግ.ዲ.ፍ. ድዩ ናትኩም ፍልስፍና
ሰማዒ የብሉን ዘረባኹም ብህዝብና
ኣስላማይና ክርስትያና
ብሓባር ተሰዊእና ነጻነት ዘምጻእና
ዘበት ብሃይማኖት ክትፈላልዩና
ከምቲ ኣቦና ቀናዝማች ሰናባራ ዝበሉና
<u>ደቂ ሓንቲ ላምን ምህርቲ ሓንቲ ግራትን</u> ኢና።

ፍቕርን ስኒትን ንህዝቢ ኤርትራ !
ውድቀት ንፋሽሽቲ ኢ..ህ.ግ.ዲ.ፍ.!
ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ስውእትና!